PapScreen Victoria

information

# ናይ ማህፀን ዋህዮ ምርመራ ዘይባሕርያዊ ውፅኢት

## ናይ ማህፀን ዋህዮ ምርመራ እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ምርመራ ቅልጡፍን ቀሊልን እንትከውን እንከሎ ካብ ማህፀን ጫፍ ዋህዮ ብምውሳድ ብምርመራ ውፅኢት ዘይባሕሪያዊ ለውጢ ንምንባሩ ንምርግጋፅ ይኸውን። አዞም ለውጢታት ቐዲሙ እንተትፈሊጡ ካብቶም ብጣዕሚ ልሙድ ዝኾኑ ናይ ማህፀን መንሽሮታት ክሳብ 90% ዝኸውን ምክልኻል ይኻዓል እዩ።

## ዘይዕግብ ናይ ማህፀን ዋህዮ ምርመራ እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ማለት ናይ ላቦራቶሪ ሠራሕተኛ ሪፖርት ንምግባር ነቶም ዋህዮ ብደንቢ ምርኣይ እንተዘይኺኢሉ ይኸውን። አብዚ እዋን ካልአይ ናይ ማህፀን ምርመራ ክትገብራ ክትሕተታ ትኽእላ። እዚ ናይ መጠንቐቅታ ምልክት ክኸውን ኣይኽእልን።

ሓደሓደ ግዘ በዚ ማህፀን ምርመራ ናይ ሕብጠት ምልክት የርእይ እዩ። እቲ ናይ ምርመራ ውፅኢት ዜዕግብ እንተኾይኑ ዝቕፅል ናይ ማህፀን ምርመራኽን ድሕሪ ክልተ ዓመት ይኸውን።

## ዘይባሕሪያዊ ናይ ማህፀን ዋህዮ ምርመራ እንታይ ማለት እዩ?

እዚ ናይ ምርመራ ውፅኢት ማለት እቶም ናይ ማህፀን ዋህዩ ካብቶም ጥዑያት ብዝኾነ መንገዲ ይፍለዩ እዮም። እዚ ዝኸውን ካብ 15 ናይ ማህፀን ምርመራ ሓደ ይኸውን። ዘይባሕሪያዊ ውፅኢት ናይ ማህፀን መንሽሮ ዝኸውን ስሕት ኢሉ ከምዝኾነን ብዝተፈላለየ ምክንያት ክመጽእ ይኽእል።

## ዓይነት ናይ ዘይባሕሪያዊ ውፅኢት

አዚ ትሑት ወይካዓ ልዑል ደረጃ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ትሑት ደረጃ ናይ ዘይባሕሪያዊ ውፅኢት

እዞም ቑሩብ ናይ ዋህዮ ለውጢ ክኸውን እንከሎ ድሕር ዝተወሰነ ግዘ ከምዝጠፍእ እዩ። መብዛሕትኡ ትሑት ደረጃ ዘይባሕሪያዊ ብ Human Papilloma Virus (HPV) ቫይረስ ምብካል ምክንያት ይኸውን። እዚ ቫይረስ (HPV) ብጣዕሚ ዝተለምደ ክኸውን እንከሎ ካብ 5 ደቂኣንስትዮ ውሽጢ 4 ደቂኣንስትዮ አብ ሕይወተን ውሽጢ ብ (HPV) ክተሓዛ ይኽእላ። HPV ቫይረስ ዘለወን ድቂኣንስትዮ ናብ ማህፀን መንሽሮ አይልወጥን።

እዚ ቫይረስ ብናይ ብልዕቲ ቆርበት ብምትንኻፍ ይመሓላለፍ እዩ። ብዙሕ ግዘ እቲ ሰብነት ብዘይፈውሲ ነቲ ቫይረስ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ዓመት ውሽጢ ክጠፍእ ይገብሮ። ይኹን እምበር እቲ ቫይረስ ከይጠፍኣ ንብዙሕ ዓመታት እንተጸኒሑ ናይ ማህፀን መንሽሮ ፀገም ይውስኽ እዩ።

1 Rathdowne Street, Carlton VIC 3053   Tel: 03 9635 5000  Fax: 03 9635 5360
papscreen@cancervic.org.au   www.papscreen.org.au

## ሕክምና ንትሑት ደረጃ ናይ ዘይባሕሪያዊ ውፅኢት

ቅድሚ ሕጂ ዝገበርክንኦ ምርመራ ፀገም እንተዘይሃልይዎ ብሓደ ዓመት ውሽጢ ተመሊስክን ናይ ማህፀን ምርመራ ክትገብራ ሓኪምክን ይሓተክን እዩ። እዚ'ውን ሰብነት ነቲ (HPV) ቫይረስ ብክለት ክሳብ ዘጻርዮ ግዘ ብምሃብ ነቲ ፀገም ባዕሉ መፍትሒ ይረኽብ እዩ።

ካል ኣይ ዝተገብረ ናይ ማህፀን ምርመራ ፀገም እንተሃልይዎ ናብ ፍሉይ ባዓል ሞያን ናብ colposcopy መሳሪሒ ዘልዎ ቦታ ይልኣካ ማለት እዩ። ሓኪምኪን ነቲ ማህፀን ግልፂ ጌሩ ንምርኣይ ኮልፖስኮብ ዝተብሃለ መሳሪሒ ብምጥቃም ናይቲ ፀገም መጠንን ዓይነት ንምፍላጥ ይኽውን።

ዝተሓተ ደረጃ ፀገም ዘለዎን ሓደሓደ ደቂኣንስትዮ ብዘይ ማህፀን ምርመራ ምድግጋም ብቐጥታ ናይ ኮልፖስኮብ ክገብራ ይልኣኻ እየን።

## ልዑል ደረጃ ናይ ዘይባሕሪያዊ ውፅኢት

ናይዚ ፀገም ደረጃ ኣብ ማህፀን ዋህዮ ሕይል ዝበለ ለውጢ ከምዘዎን ሕክምና እንተዘይተጌሩሉ ናብ ማህፀን መንሽሮ ምልዋጥ እድል ዝለአለ ይኽውን። ናይ ልዑል ደረጃ ፀገም ናብ ማህፀን መንሽሮ ክምዕብል መብዛሕትኡ ግዘ ክሳብ ኣሠርተ ዓመት ይወስድ እዩ።

## ሕክምና ንልዑል ደረጃ ናይ ዘይባሕሪያዊ ውፅኢት

ናይዚ ደረጃ ፀገም እንተሃልዩክን ሓኪምክን (GP) ናብ ፍሉይ ሞያ ዘልዎ ብምልኣኽ ብኮልፖስኮብ ዝበለፀ ምርመራ ይግበር እዩ። እዋን ኮልፖስኮብ ንእሽቶ ጉጅለ ዋህዮታት (a biopsy) ናሙና ተወሲዱ ንምርመራ ናብ ላቦራቶሪ ክል ኣኽ ይኽእል።

ከምቲ ናይ ፀገም ኩነታት ዝተፈላለይ ሕክምና ይነብሮ እዩ። መብዛሕትኡ ሜላታት ነቲ ዋህዮ ካብ ማህፀን ምጽራግ ክኸውን እንከሎ ሓደ ማዓልቲ ጥራይ ኣብ አስቤዳለ ምጽናሕ የድልይ እዩ።

**ብዛዕባ ማህፀን ምርመራን ፀገምን ዝበለፀ መረዳእታ ንምርካብ ወይካዓ ናይ ማህፀን ምርመራ ውፅኢት ንእሽቶ መጽሓፍ - ፀገም ዘለዎን ደቂኣንስትዮ ዝራኽባሉ መምርሂ (Pap test Results - A guide for women with an abnormal Pap test contact) ንምጥላብ ብስልኪ 13 11 20 Helpline The Cancer Council Victoria's Cancer ምድዋል ወይም ብዌብሳይት www.papscreen.org.au ምጉብናይ።**

**ብትግርኛ ቋንቋ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካ ብስልኪ 03 9209 0169 ምድዋል።**